# ዋዕላ ኣምስተርዳም
# ኣካላት ወይስ ዳኛታት ሓድነት

መቐጸልታ ናይ 28 ሰነ

ዋዕላ ኣምስተርዳም ካብ ዘዳለዉ፣ ሓደ ዶር/ ፍስሓጸዮን መንግስቱ ተኻታትሊ ርእይቶ፣ ጸብጻብ ከሕልፉ ካብ ዝጸንሑ ሓደ እዩ። ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ሓደ ሓደ ጸብጻባት ኣብ ክንዲ ኣብ'ቲ ዝተፈጸመ ወይ ተፈጺሙ ዝብልዎ'ሞ ንህብዚ ከምሓላልፍዎ ዝደለዩ ዘተኾሩ፣ ኣብ ቁጽሪን ፍልልይን ዘተኰረ ጸብጻብ ይርከቦ። ንኣብነት ዋዕላ ኣምስተርዳም 5 ውድባት ዝተሰማምዓሉ፣ ኣብ'ቲ ፍልልይ ወይ ተምክሮን ካልእ ከምልክት እንከሎ ከኣ ናይ ዝሓለፈ ተምክሮ ብረታዊ ቃልስና ዝተዋስኡ ብዘይሓደ ሽግር ከም ዝዘተዩ ወ.ዘተ ይብል።

ኣዳለወቲ ዋዕላ ኣምስተርዳም ሓሓደ ግዜ ነፍሶም ኣግሊሎም፣ ሓሓደ ግዜ ከኣ ነፍሶም ኣብ'ቲ ዋዕላ ጸንቢሮም ይጽሕፉ። እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ'የ እዞም ኣብ ኣምስተርዳም ዝወዓሉ ዳኛታት ድዮምስ ወይ ኣካላት ናይ'ቲ ሓድነት'ዮም ክብል ዝሓትት ዘለኹ።

ብካልእ ሸነኻቱ'ውን፣ ኣካል ናይ'ቲ ክረጋገጽ ዝድለ ዘሎ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ እንተደኣ ኮይንካስ ክልተ ሓድነት ንስለ ዘየልቦ ከም'ቲ ቅድም ክብል ዝተገልጸ ተመክሮታት ኣብ ክሊ ኤ.ዲ.ኪ ምቅላስ ማለት'ዩ ክኸውን ዝነበሮ። እዚ ግን ኣይኮነን፣ ድሮ'ውን ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ልዕሊ ዋዕላ ኣምስተርዳም በጺሕዎ ዘሎ ሚዛን ብወገንኩም ንህዝቢ ዘርጊሕኩም ኣለኹም።

ምእንቲ'ዚ ነዚ ሚዛንን ገምጋምን ኪዳን'ውን ዘራይ ንኽትረኽቡ ከም ዝዘርጋሕኩምዎ ከመሰለ ኣይሓለፈን። ኣሰናዳእቲ ዋዕላ ኣምስተርዳም ህዝቢ ክትዕድሙ እንከለኹም ኣስማት ኣዳለውቲ ማሕበር ኮነ ውድብ፣ ወይ ሰባት ከተውጽኡን ክትዝርግሑን ዘይምድላይኩም፣ ብኤ.ዲ.ኪ ነቲ ኣሰናዳኢት ዝተላእኸ ምውጻእኹም ናይ ተግባራትኩም ባዕልኹም ክተመዛዝኑ ከም ዝኽእል ፍሉጥ'ዩ።

ካልእ ኣገዳሲ ኣብ ጽሑፋትኩም ሰፊሩ ንዘሎ ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ዘይግባእ፣ ምስ'ቲ ኤ.ዲ.ኪ ክሳተፍ ዘይምኽኣሉ ዝቐረበ ወቐሳ፣ ገገለ ውልቀ ሰባት ኣባላት ኤ.ዲ.ኪ ኣብ'ቲ ኣኼባ ዝነበሩ ተመስጊኖም፣ እዚ'ውን ኣበይ ንምብጻሕ ምዃኑን፣ በቲ ሓደ ሸነኽ ከኣ እቶም ምስጋና ዝበጽሖም ዘሎ ሰባት፣ ኣየናይ ሸነኽ ካብ'ቲ ዝቀረበ ክስን ሞጎሰን ክቕበሉ'ዮም ፈጺሙ ዘይርድኣካ ነገር እዩ። ዋዕላ ኣምስተርዳም ግን ኣባልት ኪዳን ክብል እንከሎ ክሽርጥጦ ዝሓሰበ ክሪቢት መናኸስን መጓሃርን ስኢንሉ'ዩ።

ነቶም ኣባላት ኪዳን ድማ፣ ከም ኣባላት ኪዳን መጺኦም እንተነበሩ ከም ኣባላት ኪዳን ንዘበርከትዎ ኩሉ ብኡ መሰረት ክንገረሎም፣ ከም ወልቀ ሰባት እንተመጽኡ ከኣ ብኡ መሰረት ክንገረሎም'ዩ ዝግባእ።

ካብኡ ሓሊፉ ግን ኪዳን ብምንቅፍኩም፣ ንእቶም ዝተሳተፉ ኣባላት ኪዳን፣ ንመሪሕነት ኪዳን ከም ዘይድግፉ ገቢርካ ንምግላጽ ዝሓለነ ኮይኑ ይስማዓኒ።

ከም ሓድሽ ናይ ቃልሲ ምንቕስቓስ ክብል እኳ እንተዘይደፈርኩ፣ ከም ሓድሽ ተርእዮን ምትእኽኻብ ዘተ ንሓድነት ሓይልታት ኤርትራ፣ ከም ኣካላት ናይ'ቲ ዝካየድ ሓድነታዊ ዘተ ናይ ምቅርራቡን ምድላዋቱን ኣብ ሰፊሕ ተቃዋሚ ሓይልታት ብዝቀረበ እማመ፣ ብዝተጸንዐ እንተቐኑነ ድማ ብኣዝዩ ዘተሓቛቑፍን ዘቐራርብን መንገዲ ክካየድ ይኽእል።

ሎሚ ኣብ ሓድነት ጓና ዝበሃል ሰብ የልቦን። ሎሚ ኣብ ሓድነት መዘውሪ ዝሕዝን ዘይሕዝን ዝበሃል የልቦን።

በሉ ምስላን ኣብነት መዘወሪ፣ መኪናን ዘወርቲ ኣውቲስታታት ካብ ኣምጻእኹምስ፣ እቲ ኣውቲስታ መዘወሪ ፍቓድ ክህልዎ ቅድሚ ኩሉ ኣገዳሲ'ዩ። እታ መኪናኹም ትጽዕኖ፣ ጠለብ እንተሃለዎ፣ እቲ ጽዕነታ ከይዘብል፣ ጽቡቕ ምእሰሪ ክህልዋ፣ ጐማ ከይነፍስ፣ ቅያር ክህልዋ፣ ተበጊሳ ኣብ መዕረፊኣ ክትበጽሕ ከኣ ጽቡቕ ሞተርን ሙሉእ ነዳዲ ክህልዋ ከም ዘለዋ ክትፈልጡ ዘይግብኣኩም ኣይመስለንን።

እዚ እንተኣማሊኣ ከኣ እታ መኪና፣ ናይ ትገብሮ ጉዕዞ ትህቦ ኣገልግሎትን፣ ፍረን ዓወትን ክርከበሉ ከም ዝኽእል ዝተረጋገጸ'ዩ። እንተቐኑነ ከም'ዚ ኣብ ትዕዝብትና ክንገልጾ ዝጸናሕና፣ እቶም ኣውቲስታታት ችኾኑን ዘይችኾኑን ናተይ ስራሕ ንስለ ዘይኮነ፣ ንህዝቢ እገድፎ፣ ብዛዕባ እታ መኪና ተጻዒናቶ ዘላ ግን ጠለብ ህዝቢ ዘለዎ ኣይኮነን። እቲ ኣጠማምራ ጽዕነት'ውን ዘለቅለቕ ዝበለን ንኩሉ ነቲ ክጻዓን ዝበለ ኩሉ ዘይጽዓነን ዝይጠመረን'ዩ ከብል ዘይክእል ኣይኮነን።

እታ መኪና ጉዕዞ ክትጅምር እነከላ'ውን ታርጋ ቁጽሪ ሰሌዳ ኣይነበራን እንተበልኩ ኣይተጋገኹን።

እቲ ታሪኽ ምዝዋርን ዘይምዝዋርን ኣብ'ዚ ጠጠው ኣቢለ፣ ንሕና ክንከዶ ዘሎና መስርሕ ሓድነት ካብ'ቲ ሕግታት ሓድነት ወጺኡ ዝከይድ ኣይኮነን። ኣነ ተጠሊዔ ሓድነት ይደሊ ኣለኹ ክብል፣ ተግባራት ናይ'ቲ መድለይ ሓድነተይ ከርኢ ይግባኣኒ። ዝምድናታተይ፣ ርክበይ፣ ንጥፈታተይ ምስ'ቲ ንሓድነት ገዙ ዝምርሽ ዘሎ ኣካላት ክርምሽ ይግባእ፣ በቲ ሓደ ጸግዒ ኮይነ ሓድነት ይደሊ ኣለኹ እንተበልኩ'ሞ መን'ዩ ክሰምዕን ክቀርብን፣ እቲ ድምጺ ድማ መሰነይታ ተግባር ሓድነት ዘይብሉ ኣይቅጽልን'ዩ።

ቅድሚ ዋዕላ ኣምስተርዳም፣ ናይ'ዞም ኩሎም ዝተሳተፉ ኣባላት ኣብ ጉዳይ ኪዳን ሃቲትናሎምን ንሓተሎም ውድባቶም'ዮም፣ ኩሉ ውድብ ከኣ ግቡኣቶም ፈጺሞም መሰሎም ክረኽቡ ዝኸልኦም ከም ዘየልቦ መግለጺ ተዋሂቡ። ብሓቂ እዚ መልሲ ዓዳሚ ቃልሲ'ምበር ነጻጊ ከም ዘይኮነ፣ ዋዕላ ኣምስተርዳም ዝፈልጠ ኣይመስለንን።

ንዝፈልጥዎን ዘይፈልጥዎን ካብ ሓላነቶም ወጻኢ ንዝኾነ ሓበሬታን ሃድሽ ደጋፊ ሓሳባት ንምርካብ ድማ'ዩ ዝሕተትን ዝፍተሽን። እዚ ድማ ኣይተፈተሸአን።

ዋዕላ ኣምስተርዳም ዘካየዶ ድኻም ከም ዘለዎስ ፍሉጥ'ዩ፣ ግን ከኣ ከም'ቲ ኣብ ጽሑፍ ዝተገልጸ፣ ካብ'ቶም ዝተሳተፉ ብዙሓት ነቲ ዋዕላ ባዕሎም ዝፈተሽዎን ደሊዮም ዝኸድዎ'ምበር ዋዕላ ኣምስተርዳም ንኩሉ ዝኣከበ ከም ዘየነብረ ብሩህ'ዩ።

*መደምደምታ*

ኣነ ሓሳበይ ክህብ እንከለኹ፣ ኣብ ኤ.ዲ.ኪ ኣባልነት ዘለዎ ውድብ ኮይነ ንስለ ዝቃልስ ኣይኮነኩን። ውድና ካብ ምሕዝነት ወጻኢ እንከሎ'ውን ንምሕዝነት ዝድግፈሉን ምኽንያታት ነይሩ'ዩ። ግን'ቲ ደገፍ ዋጋ ዘይብሉ ደገፍ ኣይነበረን። ምሕዝነት ክዕረ፣ ምሕዝነት ብሕጊ ክካየድን ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዝተሰርዐ ቃልሲ ክካየድ፣ ንደምበ ተቃወምቲ ክሕይልን ክጎልብትን እንዳጸዋዕኹን ለበዋይ እንዳሃብኩን'ዩ።ሕጂ'ውን ኣባል ኪዳን እንተዘይነብር'ውን በዚ ተግባራት ዋዕላ ኣምስተርዳም ፣ ንኪዳን ክከላኸል ባህርያዊ'ዩ ነቢሩ።

ካብኡ ሓሊፉ ግን ሕጂ ውድበይ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ'ቲ ተታሒዝዎ ዘሎ ቃልሲ ዓብይ ክፋሉ ኣብ ጉዳይ ሓድነት ኣብ'ዚ ኣትይዎ ዘሎ ስምምዕን ውዕላትን ኪዳን ኩሉ ሓይልታት ብሕግን ስርዓትን ተጠርኒፉ ሽትኡ ክወቕዕ ናይ ውድበይ ግደ ቃልሲ ኣብ ሓድነት ኣብ ትሕቲ ዝኸነ ይኹን ኩነታት ክከላኸለሉ እንከለኹ ከገርምን ከተሓሳብን የብሉን። ብዓይብዩ ብግብሪን ብሓሳብን ንዋሳኣሉ ዘሎናን፣ ንምዕዋቱ ድማ ነቲ ውድባዊ መትከላትና ዘሎና ተኣማንነት በዚ ኣገባብ ክገልጾ ግቡእ ንስለ ዝኾነ'ዩ።

ሎሚ ኪዳን ኣብ ዝተሓተ ነጥቢ ተሰማሚዑ ቢሉ ዝነቕፍ ኣይሰኣንን፣ ግን እዚ ትሑት ነጥቢ እንዳለዓለን እንዳከበረን ከም ዝመጽእ ምፍላጡ የገድስ። ካብኡ ሓሊፉ ኩሉ ኣባላት ወይ ብዘሎኒ ተምክሮ መብዛሕትኡ ኪዳን፣ በዚ ትሑት ነጥቢ ስምምዕ ተሓጉስ ዝኸይድን፣ ፈጺሙ ዓጊቡ ዝኸይድ ዘይኮነስ፣ መንገዲ ፍታሕ ክናዲ ክይደቀሰ ዝሓድር ዝቃለስን'ዩ።

ዋዕላ ኣምስተርዳም፣ ጽባሕ ብሓባር ኮፈ'ልና ከም ንዝትን ከም ንላዘብን ዕ ገበተይን ድሌተን'ዩ። ግን እቲ መንገዲ ጉዕዞና፣ ባዕላን ከንቕንየ ኣሎና።

ጉዳይ ዋዕላ ኣምስተርዳም ንዝምልከት ርእይቶን ሓሳበይን ኣብዚ ይድምድም።

ሓድነት ህዝቢ ይደልድል

30 ሰነ 2006
ኣንቶንዮ ተስፋይ